**ንጭፍራ ህግደፍ እግሪ እግሮም**

*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*

*በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ዝገብር ነዲኡ ነይነግር*
*ትእዛዝ ውልቀ መላኺ ስለ ዘይንኽብር*
*ጃንዳ ህግደፍ ንህዝቢ ኣይውክሉ ንሃገር*
*ግድንዩ ኤርትራ ንኤርትራዊያን ክንዝምር..*



*ኣብ ሽቱትጋርት እንታይ ክበሃል ወዓለ*
*ካብ ዝተጋደለ ወይጦ ምልኪ ይንገስ ዝበለ*
*ወዲ ደባስ ወኪል ዲክታቶር ኮይኑ እንሆለ*
*ኣይውክለናን ዩ ብህዝቢ ዘይተመርጸ ጉጅለ..*

*ትእዛዝ ካብ መን ንጽበ ንጭፍራ ክነጋልጽ*
*ጸረ ጃንዳ ኣበይ ነድምዕ ባኣዕልና ንመርጽ*
*ኣብ ሽቱትጋርት ህግደፋዊያን ኢሎም ቅርጽ*
*ደለይቲ ፍትሒ ዓወት ኣመዝጊቦም ብርግጽ..*

*ንህግደፋዊያን እግሪ እግሮም*
*ምስ መራሒኦም ታሪኽ ዝፈንፈኖም*
*ዝዓበዩ ዝነኣሱ ሳዕሲዒት ዝኣመሎም*
*ደለይቲ ፍትሒ ከለና ዘበት ደቂስኩም*



*ኣብ ሽቱትጋርት ሐንጎሎም ተናዊጾም..*

*ከይቀስኑ እቶም ዘይብሎም ቀልቢ*
*እወ ከም ቆፉኡ ዝተተንከፈ ንህቢ*
*ድምጺ ሕጹባት ማዓንጣ ንምኪ እንቢ..*

*ነጻነትና ዝደኸምናሉ ዝደመናሉ*

*ምሩጻት ዋዕሮ ጅግና ዝኸፈልናሉ*
*ብቅዋም ዝመራሕ መንግስቲ ዘይንሉ*
*ኣይንብርከኽን ንሕጊ ኣልቦ ተኺሉ..*

*ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም*
*ህግደፍ ዘሞተ ይሙት ኣይግዶም*
*ከም ሰብ ዛር ዳንኬራ ዝኣመሎም..*

*ንህግደፋዊያን መኪትናዮም እወ*
*ንዉሑዳት ሒዚ ዳሰም ዝጽመወ*
*ገረውሮው ኢሉ ዳርጋ ዝተዓጸወ..*

*ነጻነት ንመን ቀሪብዎ ንመን ሪሒቑዎ*
*ጉጅለ ጋኔን ን26 ዓመት ናብ ብርነት ቀይርዎ*
*ብሰንኪ መጣቓዕቲ ህዝቢ ሐርነት ሐሪምዎ..*

*ጣንጡ ዓሰ ጓይላ ዝተወለፋ*
*ብሰንክኹም ሃገር ጥራያ ተሪፋ*
*ድፉናት ኣእምሮ ዘይብሎም ተስፋ..*

*ምልኪ ህግደፍ መወዳእታ ኣለዎ*
*እቶም ንህዝቢ ከጽንት ትድግፍዎ*
*ኣብ ፍትሐዊ ኤርትራ ትኸፍልዎ..*

*ወከልቲ ህግደፍ ዝተኣከበ ሞባእ ዝገፉ*
*ኣብ ሽቱትጋርት ምስ ኮበሮ ዝተወለፉ*
*ወይጦ  ወዲ ደባስ ምስ ወይጦታቱ ተሪፉ..*

*ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕማም መንሽሮ*
*ዓገብ ዘይብሉ ብጀካ ምህራም ኮቦሮ*
*ኣብ ሆላንድ ሽወደን ስዊስ ተሳዒሮም ገባሮ*
*ኣብ ሽቱትጋርት ጀርመን ኮይኖም ዝሮ ምሮ..*

*መራሒ ህግደፍ ዓመት መጸ ዓጀው*
*ሰዓብቱ ናብ ጓይላ ፈጨው ፈጨው*
*ወረ ገና ክብለኩም ዩ ቀጨው ጨው..*

*ስምዑ ምእዙዛት ንዲክታቶርስ ዓብቱ*

*ምስ ተሳዕሩ ኣብ ከተማ ገጠር ዝሸፈቱ..*
*ህዝቢ ጽባሕ ባዕሉ ምስ መረጸ መራሕቱ..*
*ቶም ህዝቢ የእዋ ትስዕስዑ ሹዑ ትሕተቱ..*

*ሐንቲ መዓልቲ ኣላ*
*ህዝቢ ኤርትራ ዝሕጎሰላ*
*ዓቢ ኑኡስ ዝዘለላ*
*ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝስዕስዓላ..*

*እግሪ እግሮም ሲዒብና ኣቢልና ፋሕ*
*ካብ ራስ ቄሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ ጽባሕ*
*ከምዚ ክንዝምር ንጨፍራ ኢልና ሐሕ*
*ኣየድልየናን ዩ ከም ህግደፍ ዝምካሕ*
*ህዝቢ ኤርትራ ብሕጊ ብቕዋም ክምራሕ..*

*ሹዑ ዝተሰደደ ንዓዱ ክምለስ*
*ሰላም ምስ ኮነ ኣብ ለምለም ዳስ*
*ኣብ ፍትሐዊ ኤርትራ ኢና ንሕጎስ..*

*ደቂ ቲ ሐላል ህዝቢ ኣጆኹም ኣጆና*
*ህግደፍ ኣይትቕሰኑ ኣብ ኩሉ ኣለና*
*ብጃንዳ ህግደፍ ተዋሪዶም ጀጋኑና*
*ደለይቲ ፍትሒ ግና ቅሱንዩ ሕልናና..*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና*
*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና*
*ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና*
*ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና*